
# ፍርቱናን ስድራቤታን

ብኣማኒኤል ሳህለ



## ምኽሪ ንወለድን መምህራንን

እዚ ተሓቲሙ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንኸምዕብል ዝሕግዝ፡ ጽውጽዋያትን መበቈላዊ ድርሰታትን እዩ።

1. ንቘልዑ ብዘይብርትዕ ቃላት ዝተጻሕፈ
2. ብጉሉሕ ስእልታት ዝተሰነየ
3. ብደረጃታት ዕድመ ዝተፈላለየ - ድማ እዩ።

ናይ ንባብ ክእለትን ፍቕርን ዘነቓቕሕ መሳጢ ዛንታ ታት ምእንቲ ኪኸውን ክኣ ብወገን ደረስትን ሰኣልትን ብዙሕ ጻዕሪ ተገይሩ።

*__ዕስራ ዛንታታት፡__*

ነፍስ ወከፍ ዛንታ 2 ወይ 3 ዓንቀጻት ናይ ዋዕላ መሰል ቈልዑ ትሕዝቶን ትርጉምን ዘረድእ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ልብ ወለድ ቀሪቡ ኣሎ።

ከም መበገሲ ብሰለስተ ቋንቋታት ኤርትራ ጀሚርና፡ ዓቕምን መሳለጥያን እንተ ተረኺቡ፡ በቲ ዝተረፈ ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ከነቕርቦ ተስፋ ንገብር።

ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ
ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ


### ፍሉይ ምስጋና

ስእሊ (Illustration) - ሚኪኤል ኣዶናይ

ለይኣውት፡ ግራፊክ ዲዛይን፡ ናይ ገበር ሕብሪ - ላይነ ብላታ

ኤዲተራት - ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
- ተስፋዝጊ ካሕሱ

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት - ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (Citizens for Peace in Eritrea)

መዋሊ ፕሮጀክት - ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኤርትራ (European Union - Eritrea)

ማሕተም - ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር

# ፍርቱናን ስድራቤታን

*ብኣማኒኤል ሳህለ*


ፍርቱና ማስቲካን ሽጋራን እናሸጠት እያ ነቶም ድኻታት ስድራቤታ እትሕግዝ። ንግሆ እናተማህረት ክነሳ፡ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ምሸቃጥን እያ ጊዜኣ እተሕልፎ። ገና ኣብ ዓሰርተ ዓመት ዕድመኣ፡ ብስቓይን መከራን ጓል ሸውዓተ ዓመት እያ እትመስል።

ፍርቱና ፋዱስ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተፈደሰት፡ ኣደኣ ዝቐረበትላ ቍራስ ጣይታን ጨውን በሊዓ ናብ ሸቐጣ ትጐዪ። ጸጉራ ኩሉ ግዜ ፋሕ ምስ በለ፡ ክዳውንታ ረሳሕን ዝተለቓቐበን፡ ኣዒንታ ድማ ድቃስ ስለ ዘይጸግባ ኩሉ ግዜ ቀያሕቲ እየን።

ኣደ ፍርቱና እውን ኣብ ደረት ጽርግያ ጉዕበረበረን ኣሕምልትን እያ ትሸቅጥ። ሙሉእ መዓልቲ ጸሓይ ክትህረም ውዒላ፡ ቁሩብ ገንዘብ ሒዛ ከኣ ፋዱስ ንገዛኣ ትኣቱ።

ኣቦ ፍርቱና ግን ኣይሰርሕን እዩ። በቲ ፍርቱና ምሸት ምሸት ኣኪባ እተምጽኦ ቁንጣሮ ገንዘብ ኣብ እንዳ ስዋን ሜስን እናዞረ ክሰክር ይውዕል። ገንዘብ ስለ ዘይኣኽሎ ድማ ምስ በዓልቲ-ቤቱ፡ ደቁን ወትሩ ይቋየቕ ይተሃራረም።

ሓደ መዓልቲ ፍርቱና ባኮ ማስቲክኣን ሽጋራኣን ሒዛ ኣብ መገዲ ናብዝን ናብትን ክትብል ከላ፡ ሓደ ኣብ እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢሉ ብዙሕ እዋን ዘስተብህለላ ዝነበረ መንእሰይ ኣማዕዲዩ ይርእያ። ስሙ በያን ይበሃል። “ኣቲ ቈልዓ! ንዕስኪ” ብምባል ይጽውዓ።



“ኣቲ ቈልዓ! ንዕስከ” ብምባል ይጽውዓ።

ፍርቱና ሽጋራ ዝገዝኣላ መሲሉዋ እናኅየየት ትመጽእ። ናብኡ ቀሪባ ድማ፤

“ክንደይ ሽጋራ ኢኻ ትደሊ?” ትብሎ።

በያን ግን ደንጊጹላ እዩ ጸዊዕዋ።

“መን እዩ ስምኪ?”

“ፍርቱና”።

“ኣቦኺኸ መን ስሙ?”

“ተኽሊት።”

ክምዚ ኢሉ እናሓተታ ከሎ ኣብ እግራን ኣእዳዋን ስምብራትን በሰላን ዝመስል ነገር የስተብህል።

“እንታይ ኮይኑ እዩ ኢድክን እግርኽን ቈሲሉ?” ይብላ።

“እቲ ኣብ ኢደይ ዘሎ ቁስሊ፣ ኣደይ እያ ብሻቦጥ ገይራ ሃሪማትኒ። እቲ ኣብ እግረይ ዘሎ ከኣ ኣቦይ ብእግሩ ጌሩ ሸንዲሑኒ፡” ብምባል ትምልሽ።

“እንታይ ስለ ዝገበርኪ ኢኺ ተሃሪምኪ?” ሕቶኡ ይቕጽል በያን።

“ንኣቦይ ናይ ጥራዝ ሰልዲ ሃበኒ ኢለዮስ፣ ድሕሪ ሕጂ ቤት-ትምህርቲ ከይትኸዲ፣ ትም ኢልኪ ክትሸቅጢ ጥራይ ውዓሊ ኢሉኒ። ሽዑ ኣነ በኺየ። ስለምንታይ ትበኽዩ ኢሉ ድማ ሸንዲሑኒ....... ጸኒሓ ድማ ኣደይ ስለምንታይ ንኣቦኺ ትዳፈርዮ ኢላ ብሻቦጥ ሃሪማትኒ፡” መለሰት ፍርቱና ናብቲ ኣብ መንደቕ ዝነበረ ኣሳእል እናጠመተት።

በያን ንፍርቱና ሰለስተ ሽጋራ ገዚኡ ሓሙሽተ ናቕፋ ሃባ። ንሳ ድማ ካብቲ ቅዳድ ናይ ስረኣ ጅባ ፈጕፊጋ ማልስ ክትህቦ ነተን ሒደት ኣቕራሽ ምስ ኣውጽኣተን፣

“ደሓን ንኣኺ ውሰድዮ፡” በላ በያን።

“ኣይደልንየ፡” መለሸት ፍርቱና።

በያን በቲ ብድኽነት ዘይነቓነቕ ቅንዕና ዘለዎ ባህርያታ ተመሲጡ ኣዝዩ ፈተዋ። ኣብቲ እንዳ ሻሂ ዝነበሩ ሰባት ነቲ ማልስ ክትወስዶ ምስ ደፋፍእዋ ግን፡ ኣመስጊና ስሙ ሓቲታቶ ከደት።

ድሕሪ ሳልስቲ፡ በያን ኣብቲ እንዳ ሻሂ ከም ኣመሉ ኮፍ ኢሉ ከሎ፡ ፍርቱና ምስ ሓዋ ሰሚር ናብኡ ቀሪባ፤ "ሽጋራ ትዕድግ ዲኻ ባባ በያን፡" በለቶ።

በያን ከምቲ ዝሓለፈ መዓልቲ ሰለስተ ሽጋራ ገዚኡ ሓሙሽተ ናቕፋ ሃባ። ነቲ ማልስ ክትወስዶ ድማ ሓበራ። ፍርቱና ንበያን ስለ ዝቐረበቶን ከም ኣቦኣ ስለ ዝረኣየቶን ነቲ ማልስ ክይተሰከፈት ወሰደቶ።

"መንዩ'ዚ?" ሓተተ በያን።

"ሰሚር ሓወይ እዩ፡" መለሸት ፍርቱና።

ሰሚር ፍሽኽ በለ። በያን ድማ ካብ ፍርቱና ማስቲካ ገዚኡ ሃቦ።

ከም ብሓድሽ በያን ንፍርቱና "ካልኦት ኣሕዋት ወይ ኣሓት ኣለውኺዶ?" ኢሉ ሓተታ።

"ሓደ ወድን ሓንቲ ጓልን፡" መለሸት ፍርቱና።

"ሓውኺ እንታይ ይገብር?" ቀጸለ በያን

"ቅድም ይመሃር ነይሩ፡ ደሓር ግን ገዲፍዎ።"

"ስለምንታይ ገዲፍዎ?"

"እንድዒ፡" በለት ፍርቱና።

"ሕጂኸ እንታይ ይገብር ኣሎ?" ክፈልጥ ተሃወኸ በያን።

"ንኣደይ እናረበሸ ሞኽ ስለ ዘበላ ደሓር ድማ ገንዘብ ስለ ዝሰረቓ፡ ብፖሊስ ኣእሲራቶ፡" ተናዘዘት ፍርቱና።

ደጋጊሙ ብምሕታት፡ በያን ብዛዕባ ሓውቲ

ፍርቱና'ውን ክፈልጥ ከኣለ።

ንግስቲ፡ ምዕባይ ፍርቱና፡ ገና ዓል 15 ዓመት ከላ እያ ትምህርቲ ገዲፋቶ። ኣብቲ ጸቢብ ገዛ ኮይና ከተጽንዕ ስለ ዘይከኣለትን፡ ንጥራዛውቲ ዝኸውን ገንዘብ ስለ ዘይረኸበትን፡ ኣቦኣ ሰኺሩ መጺኡ ወትሩ ይቐጥቕጣ ብምንባሩን፡ ካብ ገዛ ወጺኣ ኣብ ባር እያ ትሰርሕ። ምስ መሓዙታ ገዛ ተኻርያ ድማ ሓቢረን ይነብራ።

"ንሓፍትኺ ገለ ምኽሪ ክህባ ስለ ዝደለኹስ፡ ኣብ ዝጥዕማ ኣብዚ ክትጽውዕያዶ ምኽኣልኪ?" በላ።

"ሕራይ እንተ ኢላትኒስ ክነግራ እየ፡" በለት ፍርቱና።

"ረኺብኪያዶ?" ብምባል ሓተታ ንጽብሒቱ።

"እወ ረኺበያ፡ ግን ምሳይ ክትመጽእ ሓቲተያስ ኣብያትኒ፡" በለት ፍርቱና።

"ስለምንታይ ደኣ ኣብያ?"

"ንሰኻ ምናልባሽ ዓርኪ ኣቦይ ከይትኸውን እሞ ከይትነግረላ ፈሪሃ፡" መለሸት ፍርቱና።

"ክሕግዘኪ ዝደሊ ሰብ እዩ ዘይትብልያ?"

"ወላ ኸምኡ እንተ በልክዋ ኣብያትኒ።"

በያን ብናይ ንግስቲ ዕድል ብዙሕ ሓዘነ። ብንእሽቶኣ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ስለ ዝተዋፈረት ኣተሓሳሰቦ።

ኣብ ከምዚ ሓሳባት ጥሒሉ ከሎ፡ ፍርቱና ብኢዳ ገይራ ቀስቀሰቶ።

"እንታይ እዩ ፍርቱና?" ሓተተ በያን።

"ኣደይሲ ነቲ ገንዘብ ዝሃብካ ሰብኣይ ምእንቲ ከመስግኖ ንገዛና ኣምጽኢዮ ኢላትኒ ነይራ፡" በለት ፍርቱና እናሓፈረት። በያን ንስድራቤት ፍርቱና ክረኽቦም ይደሊ ስለ

ዝነበረ፡ በቲ ኣጋጣሚ ኣዝዩ ተሓጎሰ።

"እሞ ሕጂ ዘይንኸይድ፡" በላ በያን።

"ሕራይ፡ ግን ርሑቕ እዩ፡" ሰግአት ፍርቱና።

"ደሓን፡ ኣውቶቡስ ጌርና ንኸይድ፡" በለ በያን።


ኣብዚ እዋንዚ ሰሚር ብታሕጓስ ፍሽኽ ፍሽኽ ይብል ነበረ።

ኣውቶቡስ ገይሮም እናተጓዕዙ ከለዉ፡ ፍርቱና ብኢዳ ገይራ ንበያን ኪወርድ ኣመልከተትሉ። ኩላቶም ድማ ወረዱ።

"ካብዚ ብእግሪ ዝኽየድ ብዙሕ ኣሎና፡" ሓበረት ፍርቱና።

"ከይትደክም ክሕንግረካ'ዶ?" ሓተቶ በያን ንሰሚር።

ሰሚር ግን ብሕፍረት ርእሱ ኣድነነ።



“ኣነ ድኣ ዓቢ እንድየ ከመይ ጌርካ ክትሕንግረኒ፡” መለሸ።

“መገዲ ሰዓት እውን ብእግሩ ይኸይድ እዩ፡ ኣይደክምን ኢዩ፡” ወሰኸት ፍርቱና።

በያን ግን በቲ ኩነታቶም ደንጊጹ፡ ካብ ሓደ እንዳ ድኳን ቢስኮትን በናናን ገዝኣሎም ንነፍስ ወከፎም ድማ ሓሓንቲ ባኮ ቢስኮትን ክክልተ ባናናን ሃቦም።

ሰሚር ነቲ ባናና ብሓደ ግዜ ብልዕ ብልዕ ኣቢሉ ወድኦ፡ ፍርቱና ድማ ነቲ ቢስኮቲ ውሕጥ ኣቢላ ጨረሰቶ። መገዶም ድማ ቀጸሉ።

መገዲ ርብዒ ሰዓት ብእግሮም ምስ ተጓዕዙ፡ ፍርቱና ቁሩብ ክትሕንክስ ጀመረት።

“እንታይ ኴንኪ ፍርቱና?” ሓተተ በያን።

<u>“ኣቦይ እንድዩ ብእግሩ ሸንዲሖዋ፡” ብምባል ክስሕቕ ጀመረ ሰሚር።</u>



“እንታይ ስለ ዝገበረት እዩ ሸንዲሑዋ?” ሓተተ በያን። “ኪዲ ተላኣኽኒ ኢልዋ፡ ሽዑ ንሳ ድማ ዕዮ ገዛ እሰርሕ ኣለኹ ኢላቶ፡ ሽዑ ብእግሩ ገይሩ ምስቲ መንደቕ ኣላጊዑዋ...።”

“ኪድ፡ ሓሳዊ፡ ምስ መንደቕ እኳ ዘየላጋዓኒ” ኣረመት ፍርቱና።

“ምሽ ሽዑ ኣደይ መሊሳ ድማ ቈንጥያትኪ፡” ቀጸለ ሰሚር።

ኣብ ጥቓ እንዳ ፍርቱና ምስ በጽሑ፡ ሰሚር ቀዲምዎም እናጐየየ ናብ ገዛ ኣተወ። ፋኑስ፡ ኣደ ፍርቱና ንበያን ምስ ረኣየቶ ገዛ ወጋጊና ኣእዳዋ ብጨርቂ ሓቢሳ ናብኡ ቀረበት። ሰላምታ ምስ ተለዋወጡ ድማ፡ ናብ ገዛ ኪኣቱ ሓበረቶ።

“ፍርቱና ጓልኪ ንፍዕቲ እያ፡” በለ በያን።

“እንታይ ክትነፍዕ፡ ክሳዕ ሎሚ ቀዳማይ ክፍሊ፡” ኣስተማሰለት ፋኑስ ምስውስው እናበለት።

እታ ገዛ ሓንቲ ክፍሊ እያ መስኮት ስለ ዘይነበራ ድማ ጸልማት እያ። ይኹን እምበር፡ እቲ ናይ ዚንጎ ናሕሲ ብዙሕ ነኺላት ስለ ዝነበሮ፡ ጨራታት ጸሓይ በቲ ነኺላት ሓሊፉ ነቲ ክፍሊ ቍሩብ ብርሃን ይህቦ ነበረ።

ኣብተን ክልተ ዓራውቲ፡ ፍርናሽ ኣይነበረን። ኣብ ደገ እዩ ተሰጢሑ ነይሩ።

“ትማሊ ለይቲ ማይ ስለ ዝሃረመ፡ በቲ ቀዳድ ዚንጎ ምሉእ ለይቲ ማይ ክኣትወና ሓዲሩ፡ ነቲ ፍርናሻት ድማ ኣጠልቂዩዎ፡” ገለጸት ፋኑስ፡ ኣደ ፍርቱና።

ወይዘሮ ፋኑስ ሻሂ ከተፍልሕ ናብዝን ናብትን በለት፡ እቲ ስብርባር ዕንጸይቲ ማይ ስለ ዘተርከሶ ድማ ከተናኽሶ ትጽዕር ነበረት።

“ንዓይ እንተ ኾይኑ፡ ኣነ ሕጂ እየ ሻሂ ክሰቲ ጸኒሐ፡ ነዞም ቈልዑ እንተ ኾይኑ ግን ኣፍልሕሎም፡” ሓሳብ ኣቕረበ በያን።

“ንሳቶም ደኣ ክንደይ ሻዕ ኪሰትዩ፡” በለት ፋኑስ።

ብድሕር’ዚ በያን ናብቲ ቀንዲ ዘረባ ክኣቱ ስለ ዝደለየ ነቶም ቈልዑ፤ “ኪዱ ከም ብሓድሽ በናና ግዝኡ፡” ብምባል ገንዘብ ሂቡ ሰደዶም። ብታሕጓስ እናዘለሉ ናብቲ እንዳ ድኳን ገጾም ተዓዘሩ።

ኣብዚ እዋንዚ በያንን ወይዘሮ ፋኑስን ዕላል ጀመሩ፤

“ወይዘሮ ፋኑስ፡ እዚኣቶም ክልቲኣቶም ደቕኺ እዮም?”

“እወ፡ ኣቦኦም ግን ሓደ ኣይኮነን።”

“ኣበይ ኣሎ ኣቦኦም ሕጂ?”

“እንድዒ፡ ኪሰቲ እዩ ዚውዕል ስራሕ የብሉን።”

“ንግስቲ እተባህለት ውላድውን ኣላትኪ፡”

“እወ፡ ፍርቱና ዲያ ነጊራትካ?”

“ንውላድኪ’ውን ኣእሲርኪ ኣሎኺ...”

“ዋይ’ዛ ቈልዓ፡ ኩሉ ድያ ኣዘንትያትልካ? ወይ ጉድ...”

“ወይዘሮ ፋኑስ፡ ቈልዑ ህያብ ኣምላኽ ምኧኖም ትፈልጢ ዲኺ?”

“እወ፡ እፈልጥ።”

“ስለምንታይ ደኣ ኣብ ዓለም ምስ መጹ ኪህሉዎም ዘለዎም መሰላት ዘይትሕልውሎም?”

“መጀመርታ፡ ቈልዓ ኪመሃርን ኪፈልጥን መሰል ኣለዎ፡ ዘይተወቕረ ነየጥሕን ዘይተማህረ ነየድሕን ዚብል ምስላ ሃገርና ትፈልጥዮ ኢኺ መስለኒ፡ ቈልዓ ብትምህርቲ እንተ ዘይተኾስኮሰ፡ ህይወቱ ብጽቡቕ ኪመርሕ ኣይክእልን፡ ድኽነትን ሕማምን ከኣ ከጥቅዖ ይኽእል።”

“እወ፡ ንሕናስ ስለ ዘይተመሃርና እንዲና ከምዚ እትርእየና ብድኽነትን መከራን እንነብር ዘለና።”

“ጓልኪ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ስራሕ ክርተት ክትብል እያ ትውዕል፡ መዓስ ደአ ትምሃር፡ መኣስ ትጻወት?” ኢሉ ምስ ሓተታ ደንጸዋ።

“ሳላ ፍርቱና ኢና ቁሩብ ገንዘብ እንረክብ ዘለና እምበር ዝብላዕን ዝስተን እኳ የብልናን፡ እተን ክራይ ገዛ እንተ ኾነውን ሓደ ከማኻ ገባር ሰናይ እዩ ዝሕግዘና።”

“ጽቡቕ፡ ግን ፍርቱና ገና ጓል ዓሰርተ ዓመት እያ፡ ንሳ ኣብ ገዛ ምሓገዝትኪ እሞ፡ ንስኺ ድማ ኣብ ክንዳኣ ናይ ሸቀጥ ስራሕ መካየድኪ። ቈልዓ ብምዃና ግን ፈቖዶ ባራትን እንዳ-ሻህን ክትዘውር ኣይግባእን ንቈልዓ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ምውፋር ጌጋ እዩ።”





“ሓቅኻ ግን ተሸጊርና! እንታይ ደኣ ክንገብር።”

“ስለዚ እ'ቲ ካልእ መሰል ቈልዓ፡ ኣብ ከቢድን ኣድካምን ስራሕ ኣእቲኻ ክትምዝምዞም ምፍታን እዩ። ፍርቱና ህጻን እያ፡ ናይ ህጻናት ነገራት ከኣ ትገብር።

ንስኽን ሰብኣይክን ግን ዓበይቲ ስለ ዝኾንኩም ሰሪሕኩም ደቅኹም ክትናብዩ ይግባእ። ብዝተረፈ፡ ንሳቶም ክናብዩኹም ኣይግባእን።”

ከምዚ እናዕለሉ ከለዉ፡ ተኽሊት ኣቦ ፍርቱና ብሸኽራን ሰንከልከል እናበለ ደበኽ በለ።

“እንታይ ዝኾነ ሰብ እዩ'ዚ? መን ኣእትዊዮ ኢሉኪ?” በለ ተኽሊት ወልደፍደፍ እናበለ።

“መምህር ፍርቱና እዩ፡” ትምልሽ ፋኑስ ፍርሒ ብእተሓወሶ ቃላት።

“እንታይ እዩ ደልዮ?” ይሓትት ተኽሊት።

ሽዑ ፋኑስ ብዛዕባቲ ጉዳይ ከተረድኦ ትፍትን። ንቲ በያን ዝነገራ መሰላት ቈልዑ ድማ ምቕልል ዝበለ መገዲ ከተረድኦ ትጽዕር።

“ሎምስ ከኣ ንቈልዑ ኣይተስርሑዎም ኣይትህረምዎም ዚብል ትእዛዝ መጺኡና፡ ጽባሕ ንግሆ ከኣ፡ ንቈልዑ ስገዱሎም ዚብል ትእዛዝ ኪመጽና እዩ ወይ ጉድ!” በለ ተኽሊት።

በያን ንቲ ዘረባ ትም ኢሉ ኪሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ንተኽሊት፤ “ክቡር ዓርከይ፡ ቈልዑ ኣይትቕጽዑ ወይ ኣይተስርሑ ዝበለ ሰብ የለን፡ ግን ኣብ ዘይክእሉዎ ስራሕ ሰዲድኩም ኣይትበዝብዙዎም፡ ትምህርቶም ካብ ምክትታል ኣይትኽልክሉዎም ኢና ዝበልና።





እዚ ድማ ናይቶም ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለዉ ህጻናት መሰል እዩ፡” ብምባል ከረድኦ ፈተነ።

ተኽሊት ግን ሰኺሩ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ዘረባ በያን ዋጋ ኣይሃቦን።

“በሉ ካልእ ከይሰማዕና ከሎና ክንከደልኩም፡” ኢሉ ድማ ካብቲ ገዛ ወጺኡ ኸደ።

ድኹንምበር፡ ፋኑስ ነቲ ናይ በያን መልእኽቲ ተረዲኣቶ ስለ ዝነበረት፡ ንህይወታን ንህይወት ደቃን ጠቓምን ኣርባሕን ምዃኑ ድማ ስለ እተገንዘበት፡ ንበያን ኣመስገነቶ። “እቲ ዝበልካኒ ኩሉ ተረዲኡኒ ኣሎ፡ ንበዓል ቤተይ ከረድኦ’ውን ክፍትን እየ። ግን ቅድሚ ኹሉ ነቲ ናይ ፍርቱና ስራሕ ባዕለይ ሒዘ፡ ንኣኣ ትምህርታ ብጽቡቕ ከም እትከታተል ክገብር እየ፡” በለቶ ንበያን እናወጸ ከሎ።

"ብድሕርዚ ብዛዕባ'ታ ኣብ ባር እትሰርሕ ጓልክን እቲ ኣእሲርክዎ ዘሎኹ ወድኽን ድማ ክትሓስብሉ ተስፋ እገብር፡" መዓደ በያን።

"ደሓን ኩሉ ተረዲኡኒ ኣሎ፡ ነቲ ምኽርኻ ኣብ ግብሪ ክውዕሎ እየ። የቐንየለይ፡" ብምባል ከኣ ፋኑስ ንበያን ኣፋነወቶ።

በያን ድማ በቲ ተስፋ ዝመልኦ ዘረባኣ ተመሲጡ፡ ንፍርቱናን ሰሚርን ጸዊዑ ሰዓሞም፡ ካብ ጁቡኡ ክልተ ሚእቲ ናቕፋ ኣውጺኡ ከኣ፤ "ፋኑስ፡ እዚ ዝሀበኪ ዘሎኹ ገንዘብ፡ ንኽዳኖምን ንጫማኦምን ንጥራዛውቶምን ይኹን!" በላ። ፋኑስ በቲ በያን ዝለገሰላ ምኽርን ዝሃባ ገንዘብን ኣዝያ ተሓጒሰት።

ምድሪ ምስ ጸልመተ፡ ፋኑስ ሻሂ ኣፍሊሓ ንተኽሊት ቍርሲ ቀረበትሉ። ነቲ ኩሉ እተጓነፋ ነገራት ድማ ሓደ ብሓደ ኣዘንተወትሉ።

ተኽሊት፡ መጀመርያ ኣይተሰማምዐን። ነቲ ምኽርታትውን ኣይተቐበሎን። ደሓር ግን፡ ምስ ምንዋሕ መዓልትታት፡ ቀስ እናበለ ኪርድኦ ጀመረ። ቀስ እናበለ መስተ ገደፈ። ንደቁ ኪሓሊ ጀመረ። እታ ኣብ ባር እትሰርሕ ዝነበረት ጓሉ፡ ማለት ንግስቲ፡ ናይ ኣቦኣ ለውጢ ርእያ ናብ ቤታ ተመልሰት። እቲ ተኣሲሩ ዝነበረ ወዳ ድማ ተፈቲሑ ትምህርቱ ጀመረ።

እታ ስድራቤት ድማ፡ መሰል ደቃን ግቡኣን ብምኽባር ሓድሽ ህይወት ከፊታ ብዓቕማ ብሓጐስ ክትነብር ጀመረት።



# ሕቶታት

1. ህጻን ኣብ መገዲ ማስቲካን ሽጋራን ኪሸይጥ ግቡእ ድዩ? ምኽንያት ሃብ።
2. ኣቦ ፍርቱና ስለምንታይ እዩ ንጓሉ ክትሰርሕ ዘገድዳ ነይሩ?
3. ፍርቱና ከም ተመሃሪት መጠን ኣደኣ እንታይ ክትገብረላ ነይሩዋ?
4. ኣብዚ ዛንታዚ ክልተ መሰላት ህጻናት ተጠቒሰን ኣለዋ፡ ኣየኖት ኢየን?
5. ሓደ ሓደ ናይ ተኽሊት (ኣቦ ፍርቱና) ጌጋታት ጥቐስ?

## ኣብዛ ዛንታ ዝተሓቐፉ ዓንቀጻት መሰል ቈልዑ

*ዓንቀጽ 32፡ ንጥዕናኹምን ትምህርትኹምን ዝሃሲ ዓይነት ስራሕ ክትሰርሑ ከይትግደዱ ሕጊ ይከላኸለልኩም።*

*ዓንቀጽ 28፡ ክትመሃሩ መሰል ኣለኩም።*

© Citizens for Peace in Eritrea, 2007